

# Kahsay

ኣቶ ካሕሳይ ወዲ 65 ዓመት ኮይኖም፣ ቅድሚ ቁሩብ ዓመታት ድማ በዓልቲ ቤቶም ብሞት ተፈልያቶም። ኣቶ ካሕሳይ 5-ቆልዑ ኣለዎም፣ 1-ጓል፣ 4-ኣውዳትን 2- ድማ ደቂ ደቆምን። ኣብ ኤርትራ ናቶም ሕርሻን ትካል ምርባሕ እንስሳን ኔርዎም።

ጓሎም ምርዕውቲ እያ፣ ኣብ ኤርትራ ድማ ትነብር። እቲ ዝዓበየ ወዶም ሄኖክ ይበሃል፣ ኣብ መበል 16-ዓመቱ ድማ ናብ ኔዘርላንድ ተሰዲዱ። ምጥርናፍ ስድራቤት ን ኣቡኡን 3-ኣሓትን ሓተተ። ብዙሓት መንእሰያት ስድርኦም ናብ ኔዘርላንድ ከምጽኡ ብዙሕ ኣይሰልጦምን እዩ። ሄኖክ ግን ብቀሊሉ`ዩ ሰሊጥዎ። ስለ`ዚ እቶም ትሕቲ ዕድመ ኣሕዋቱ ናብ ሓደጋ ዘቃልዕ ጉዕዞ ዘኽይድ የብሎምን፣ ምኽንያቱ ኣብ ዝኾነ ግዜ ከወጹ ይኽእሉ እዮም።

ኣቶ ካሕሳይ ካብ ኤርትራ ቅድሚ ምምጻኦም ንገለ ሰሙናት በይኖም ይነብሩ ኔሮም። ደቆም ናብ ሱዳን ሰዲዶሞም ኔሮም። ካብኡ ኸኣ ናብ ኔዘርላንድ ቀጸሉ። ሄኖክ ድሮ ክልተ ዓመት ኮይንዎ ነበረ ኣብ ኔዘርላንድ፣ ሕጂ ድማ ወዲ 18 ዓመት ኮነ። ንሱ ብዙሓት መሓዙትን ናቱ ህይወትን ነበሮ። እታ ከም ስድራቤቱ ኮይና/ኑ ትኣልዮን ትሕብሕቦን ዝነበረት ተኸላኻሊት ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ ገደፈቶ። ሄኖክ ናቱ ገዛ`ውን ደለየ። ሽዑ ግን ክኸውን ኣይከኣለን፣ ብውሑዱ ንሓደ ዓመት ዝኸውን ኸኣ ምስ ስድርኡ ኣብ ኣልከማር ክቐመጥ ከምዘለዎ ተነግሮ። እዚ ድማ ብምኽንያ ድሌት ሓቢርካ ናይ ምንባር እዩ። ሄኖክ ግን ብጽቡቑ ኣይተቀበሎን። ስለዝኾነ ኸኣ ብዙሕ ግዜ ኣብ ገዛ ኣይረአን እዩ፣ ዝበዝሕ ግዜ ናብ ኣዕርኽቱ/መሓዙቱ እዩ ዝኸይድ። ብዝኾነ ግን ሓንሳብ ሓንሳብ ከኣ ናብ ኣልከማር ይኸይድ እዩ ኣብኡን ኣሕዋቱን ክርኢ።



እቶም ቆልዑ ቀልጢፎም እዮም ነቲ ሓድሽ ቦታ ኣልከማር ተላሚዶሞ። እቶም ኣናእሽቱ ብቤት ትምህርቶም ኣዝዮም ሕጉሳት ነበሩ። ነቲ ወዲ 13-ዓመት ግን ብዙሕ ጽቡቅ ኣይነበረን። ሓንሳብ ሓንሳብ ኣቶም ተማሃሮ የላግጹሉ ስለዝነበሩ፣ ምስቶም ደቂ ክላሱ ከምቲ ዝድለ ክለግብ ኣይከኣለን። ኣቶ ካሕሳይ በይኖም ንደቆም ከዕብዩ ብጣዕሚ ተጸገሙ። ናይ ገዛ ስራሕን ቆልዑ ምእላይን በዓልቲቤቶም እያ ትሰርሖ ኔራ። በይኖም ግን ከቢድ ኮይኑ እዩ ረኺቦሞ። ጽሬት ናይ ገዛ ይኹን እቶም ቆልዑ ኸማን እቲ ዘድሊ ኣተኣላልያ ክረኽቡ ኣይከኣሉን። ነቲ ሓድሽ ህይወት ቅርጹ ከትሕዝዎን ነቶም ቆልዑ ድማ ዘድሊ ኣተኣላልያን ሓገዝ ኣብ ትምህርቶም ክገብሩሎም ኣይከኣሉን። ከም ቆልዑ መጠን ድማ እቶም ቆልዑ ሓንሳብ ሓንሳብ ነንሕድሕዶም ይበኣሱ እዮም። ኣቶ ካሕሳይ ሓንሳብ ሓንሳብ`ውን እቶም ቆልዑ ምስማዕ እንተኣብዮሞም ከም መዐረምታ ጠፍ የብልዎም እዮም። ብፍላይ ከኣ ሄኖክ ንኣቶ ካሕሳይ ተወሳኺ ሽግር ነበረ። ናጽነቱ ረኺቡ ኣዝዩ ቢሒቱ ስለዝጸነሐ ምስ ኣብኡ ብቀሊሉ ክረዳድኡ ኣይከኣሉን። ምስኡ ኸኣ እቲ ኣብ ኣቶ ካሕሳይ ዘሎ ፍልልይ ማለት ኣብ ሞንጎ ሕብረተሰብ ኤርትራን ኔዘርላንድን ዘሎ ጋግ ብጣዕሚ ዓቢ እዩ። ተወሳኺ ኣቶ ካሕሳይ ፈጺሞም ኣይተማህሩን፣ ምንባብ ይኹን ምጽሓፍ ኣይክእሉን እዮም። ኣብ ሕብረተሰብ ኔዘርላንድ ተወሃሂዶም ክኸዱ ብጣዕሚ ከሸግር እዩ። ይኹን ደኣ`ምበር እቲ ዝከኣሎም ግን ንደቆም ይገብሩሎም ኣለዉ፣ ኮምኡ`ውን ቅልጡፍ ሓገዝ ኣብ ምሕታት ንጡፍ እዮም። እቲ ካብ ቤት/ጽሕፈት ስደተኛታት (ፍሉኽተሊንገን ቨርክ) ዝረኸብዎ ሓገዝ እኹል ኣይነበረን። ምስቲ ኣቶ ካሕሳይ ድሕሪ ቁሩብ ኣዋርሕ ዝረኸብዎ ናይ ቤተሰብ ኣተኣላልያ ሓገዝ ፈጺሙ ዝዛመድ ኣይነበረን።

እቶም ወሃብቲ ኣገልግሎት ትካላት ንኣቶ ካሕሳይ ከቢድ ምኳን`ውን ተዓዘቡ። ኣቶ ካሕሳይ ሓገዝ ሓተቱ። እቶም ቆልዑ ክሰምዕዎም ከምዘይከኣሉን ንበይኖም ኮይኖም ንደቆም ክኣልዩን ከዕብይዎምን ከምዘይከኣሉ ኸኣ ሓበሩ። እቲ ኩነታት ከምዚ ስለዝኾነ ኸኣ ተግባራዊ ዝኾነ ሓገዝ ሓተቱ ከም ኣብነት:- ኣብ ጽሬት፣ ኣብ ምሕደራ ገዛ፣ መግቢ ምስራሕ፣ ኣብ ጉዳይ ቤት/ት ንዝምልከቱ ነገራት ኩሉ ዘሰናዳኣሎም ሓገዝ ሓቲቶም። ኩሉ ከመይ ይግበር ዋላ ሓደ ኣፍልጦ የብሎምን፣ ቋንቋ ኣይዛረቡን እዮም። “ኣቶ ካሕሳይ ዝሕግዞምን ኩሉ ዘሰናዳኣሎም ሰብ እንተተሰዲዱሎምሲ፣ ኩሉ ጽቡቅ ክመጽእ እዩ ኢሎም እዮም ዝሓስቡ።” ዋላ ደኣ`ኳ ኣብቲ ምሕደራን ተግባራዊ ዝኾነ ናይ ፋይናንሳዊ ሕቶታት ሓገዝ ናይ ሄኖክ ወዶም ደልዮም እንተነበሩ፣ ኣብ ኣተሓሕዛ ገንዘብ ግን ጽቡቅ ክእለት ኣለዎም። ሄኖክ ግን ገዛ ክመጽእ ኣይከኣለን። ካልእ ሰብ`ውን ብዛዕባ`ዚ ደልዮሞ ዘለው ሓገዝ ክሕግዞም ዝመጸ የሎን። ንጽሬት ገዛ ይኹን ዋላ ካልእ ሓገዝ ንምሕጋዝ ዝመጸ ፈጺሙ የሎን። ከም ሳዕቤኑ እቲ ኣብቶም ቆልዑ ዘሎ ኩነታት እንዳበኣሰ ከይዱ። ኣቶ ካሕሳይ ኣወንታውን፣ ከም ኣቦ`ውን ኣብ ደቆም ጽቡቅ ተሳትፎ ዘልዎም ኣቦ ኮይኖም እኳ እንተተራእዩ፣ ብወገን ማሕበራዊ ጉዳይ ሰራሕተኛታት ግን ብዛዕባ ኣብ ዕብየት ቆልዑ ዘለዎም ስግኣት ኣብቲ ጸብጻቦም ከልዕልዎ ጀመሩ።

ኣቶ ካሕሳይ ዝሕግዞምን ኩሉ ዘሰናዳኣሎም ሰብ እንተተሰዲዱሎምሲ፣ ኩሉ ጽቡቅ ክመጽእ እዩ ኢሎም እዮም ዝሓስቡ።



እቶም ኣብዚ ጉዳይ ዝተሳተፉ ኣባላት ማሕበራዊ ጉዳይ ሰራሕተኛታት ብዙሕ ሓገዝ ከምዘድሊ እዮም ተዓዚቦም። ኣብ ቤት ጽሕፈት ውሕስነት (ፋይለኽ ሃውስ) ከኣ ኣመልኪቶም፣ ቀጺሉ ኸኣ እቲ ዘድሊ መጽናዕቲ በቲ ትካል ቤት ምኽሪ ተጣበቕቲ ቆልዑ ክግበር እዩ። እቲ ቤት ምኽሪ ንኣቶ ኻሕሳይ ልዑል ኣድህቦን ክንክንን ከወሃቦም እዩ ኣብ ውሳኔ በጺሑ ዘሎ። ኣቶ ካሕሳይ ዋላ ደኣ`ኳ እቲ ዘድሊ ክንክን ይገበረሎም፣ ነቶም ቆልዑ ዘድልዮም ክቕርብሎም ግን ከምዘይክእሉ እዩ እቲ ትካል ገሊጹ።

ኣቶ ካሕሳይ ኩሉ ነገር እዮም ገዲፎም፣ ግን ዘይምድላይ ዘይኮነ ዓቕሚ ምስኣን እዩ። እቶም ማሕበራዊ ጉዳይ ሰራሕተኛታት ኣቶ ካሕሳይ ክመሃሩ ዘይደለዩ ወይ ምስቲ ናይ ኔዘርላንድ ሕብረተሰብ ክወሃሃዱ ዘይይደልዩ መሲልዎም። እቲ ሓቂ ግን እቲ ዕድመኦምን ትምህርቲ ዘይምህላዎምን እዩ። እቲ ቤት ምኽሪ ነቶም ክልተ ኣናእሽቱ ቆልዑ ስልጣን ናይ ወላዲ ጠቕሊሉ ካብኦም ክወርድ ንቤት ፍርዲ ሓቲቱ። እቲ ምኽንያት ድማ እቲ ናይ ምክትታል ትእዛዝ ጥራይ ብቑዕ ስለዘይኮነ።

እቲ ቤት ምኽሪ ነቲ ወዲ 13-ዓመት ኣብ ትሕቲ ክትትል ክኣቱ ንቤት ፍርዲ ሓተተ። ናይ ቤተሰብ ሞግዚት ማለት (ከም ወለዲ ኮይኖም ዝናብዩ ስድራ) ምድላይ ከም ሓደ ፍታሕ ክውሰድ ይከኣል እዩ። ኣብዚ ጉዳይ እቲ ስልጣን ናይ ወላዲ ምውራድ ክቀላጠፍ ይኽእል እዩ። ስለ`ዚ እቶም ዘለው ስግኣታት እንተዘይተኣልዮም፣ እቲ ቀጺሉ ዝመጽእ ስጉምቲ ክኸውን እዩ። እቲ ቤት ፍርዲ በቲ ሕቶ ናይ ቤት ምኽሪ ተሰማሚዑ እዩ።

ኣቶ ካሕሳይ ኣብ ቤት ፍርዲ ተረኺቦም ኣለዉ። ተርጓማይ ከኣ ተጌርሎም ኣሎ፣ ስለ`ዚ እንታይ ይበሃል ከምዘሎ ኸኣ ክከታተሉን ክርድኡን ክፍትኑ እዮም። ኣቶ ካሕሳይ ዋላ ደኣ`ኳ ብዙሕ ነገር የሕልፉ ውሽጦም ግን ናይ ሩፍታ ስምዒት እዩ ዝስመዖም ዘሎ። ኣቶ ካሕሳይ ንደቆም ጽቡቕ ተመነይሎም፣ ንሶም ንደቆም እቲ ዘድሊ ቀረብ ክገብሩ ብዘይምኽኣሎም ግን ፈሪሖም ኔሮም። ኣቶ ካሕሳይ ባዕሎም ደቆም ኣብ ገሊኡ ከይዶም ክነብሩ ዝብል ሓሳብ ኔርዎም። ኒዶስ ከኣ ዝተረጋገጸ ትካል ኮይኑ ተመዲቡ ኣሎ። እቶም ዝተመደቡ ናይ ቆልዑ ተኸላኸልትን ሓብሓብትን ብዘይካ እቶም ክልተ ኣናእሽቱ፣ እቶም ካለኦት ቆልዑ ግን ምስ ኣቦኦም ክነብሩ ፍቑድ ከምዝኾነ ወሰኑ፣ እቶም ክልተ ኣናእሽቶ ግን ናብ ሞግዚት ማለት ናብ እቶም ናይ ቆልዑ ተኸላኸልትን ሓብሓብትን ክኸዱ እዮም።

ኣቶ ካሕሳይ ንደቁ ብሉጽ ነገር እዩ ዝምነየሎምን ክቕርበሎም ዘይምኽኣሉ ከኣ ፈሪሖ ኔሩ።

ደሓር ግን ኣቶ ካሕሳይ ንደቆም ክቋጻጸርዎም ዘይኮኑ ክሕብሕብዎምን ክከናኸንዎምን ደለዩ። ብዛዕባ ስልጣን ናይ ወላዲ ምውራድ ዝበሃል ግን ኣብቲ ባህሊ ናይ ኤርትራውያን ፍጹም ኣይፍለጥን እዩ። ኣብ ኤርትራ ሓደ ንበይኑ ዝነብር ኣቦ/ሰብኣይ ኣብዚ ጉዳይ ቀልጢፎም እዮም ኢዶም ዝህቡ፣ ከም ኣብነት ወይ ናብ ቤተሰብ ጓል ኣንስተይቲ ወይ ከኣ ጎረባብቲ ይወድቁ። ኩሉ ግዜ ግን እቲ ኣቦ እንታይ እዩ እቲ ዝበለጸ ንደቁ ኸኣ ይውስን።

ኣብ ሓጺር ግዜ ድማ ብውሑዱ 5- ወሃብቲ ኣገልግሎት ማሕበራዊ ጉዳያት ኣብ ጉዳይ ካሕሳይ ተሳተፉ። ብዘይካ እቶም 2- ኣባላት ኒዶስ ተኸላኸልትን ሓብሓብትን ቆልዑ፣ ካልእ ሓገዝ ድማ ካብ ክልተ ዝተፈላለዩ ሰባት ይረኽቡ እዮም። ተወሳኺ ሓገዝ ኣብ ፋይናንሳዊ ምሕደራ'ውን ይረኽቡ እዮም። ሄኖክ ወዶም ምስኦም ክቕመጥ መጽዩ ከሎ ኣቶ ካሕሳይ ፋይናንሳዊ ጸገም ኣጋጢምዎም ኔሩ። ኣብቲ ሽዑ ጊዜ ዝተፈላለየ ዝወሃቡ ተወሳኺ ናይ ገንዘብ ሓገዛት ኣቋሪጽዎም ኔሩ፣ እዚ ማለት ኣቶ ካሕሳይ ወርሓዊ ናይ ገንዘብ ሕጽረት ኣጋጢምዎም ኔሩ። ወሃብቲ ኣገልግሎት ማለት ተሓጋገዝቲ ብዝያዳ ኸኣ ካብ ቤት ጽ/ት ስደተኛታት (ፍሉኽተሊንገን ቨርክ) ኣቶ ካሕሳይ ኣብ ፋይናንሳዊ ምሕደራ ሓገዝ ዝህቦም ኣካል ክግበረሎም ንቤት ፍርዲ ሓተቱሎም። ኣቶ ካሕሳይ ኣብቲ መጀምርታ ምስቲ ኣመሓዳሪ ፋይናንስ ሕጉስ እንተነበሩ፣ እቲ ጸገም ግን ዛጊት ክፍታሕ ኣይከኣለን።

ኣቶ ካሕሳይ ምስ ኔዘርላንዳውያን ርክብ/ቅርበት ክገብሩ ኣይከኣሉን፣ ኣብቲ ከባቢ ዓርኪ/መሓዛ ዝበሃል'ውን ኣይነበሮምን። ኣብቲ ከባቢ ምስ ዝርከቡ ኤርትራውያን ግን ቁሩብ ርክብ ነበሮም፣ ግን ግርህ ኢሎም ብዛዕባ ሽግሮም ክነግርዎም ኣይደለዩን። እቶም ተሓጋገዝቲ ኣብ ዙርያ ህይወቶም ምህላዎም፣ እቲ ዝስመዕዎም ዝነበረ ጽምዋነት ክጎድል ጀመረ። ናይ ሞግዚትነት ሓገዝ ይኹን ፋይናንሳዊ ኣማሓዳሪ ንምርካብ ምስምማዕ ማለት ግን እንታይ ማለት ምዃኑ ኣይተገንዘብዎን። 'ኣነ ዝወሃብ ረዳእታ እዩ መሲሉኒ ኔሩ' ይብሉ ኣቶ ካሕሳይ። እዚ ግን ምቁጽጻር እዩ። ኣብ ገዛእ ህይወተይ ባዕለይ ክውስን ኣይከኣልኩን።

ኣቶ ካሕሳይ ብዛዕባ ደቆም ከመይ ጌሮም ከዕብይዎም ከምዘለዎም ንምንታይ መንእሰያት ኣዋልድ ተሓጋገዝቲ ዝነግረኦም ክርደኦም ኣይከኣለን፣ ኣንኮራ እሰም ኣባሓጎ ኮይኖም ብዙሓት ደቅን ደቂ ደቆምን ኣብ ዝብጻሕ ዘብጽሑ ከለው ክንሶም። ኣቶ ካሕሳይ ካብ ግዜ ናብ ጊዜ ምስቶም ተሓጋጋዝቲ ብቀጻሊ ይጋራጨው



እቲ ዝምድና ኣብ ሞንጎ ኣቶ ካሕሳይን ተኸላከልትን ሓብሓብትን ቆልዑ ከምቲ ዝድለ ጽቡቕ ክኸይድ ስለዘይከኣለ ከኣ ክኢላ ባህላዊ መንጎኛ ኣብዚ ጉዳይ ክሳተፍ ተገብረ። እቲ ባህላዊ መንጎኛ ድማ ንኣቶ ካሕሳይ ንምንታይ ትካል ኒዶስ ኣብዚ ጉዳይ ኣትዮም፣ እተን ተኸላኸልትን ሓብሓብትን ቆልዑ ካብኦም እንታይ ይደልያ ዝብሉ ኩሉ ኣብረሃሎም። ንሳተን ካብ ኣቶ ካሕሳይ ዝደልይኦ ነገር እንተልዩ ፣ ርግእ ኢሎም ነዚ ጉዳይ ኣብ ምፍትሑ ክዋስኡን ንቆልዓ ከይሃረሙ ውሕስ ዝኾነ ባይታ ክፈጥሩሎምን፣ ቆልዑ ኣብ ሰዓቶም ከደቅስዎምን ከተስእዎምን ከምዘለዎም እዩ። እቲ ካልኣይ ንእሽቶ ወዶም ኣብ ቤት/ት ቀጻሊ ይሽገር እዩ። ኩሉ ጊዜ ይደክምን ኣንዳተማህረ ድማ ድቃስ ይመጾ። ኣቶ ካሕሳይ ግን ኣይተረደኦምን፣ ኩሉ ጊዜ ነቶም ቆልዑ ናብ ላዕሊ ናብ መደቀሲኦም ሰዓት 20:30 እዮም ክድቅሱ ዚሰድዎም። እተን ተሓጋገዝቲ ምስቶም ቆልዑ ካብ ዝገበረኦ ዝርርብ ዘረዳኣካ ግን፣ እቶም ቆልዑ ምሉእ ለይቲ ቴሌፎን ሒዞም ከምዝሓድሩ እዩ። ንሳተን ድማ ቆልዑ ናብ መደቀሲኦም ክኸዱ ከለው ቴሌፎናታቶም ንኣቦኦም ከረክብዎም ከምዘለዉ ምኽርን ማዕዳን ሂቦሞም። ኣቶ ካሕሳይ ድማ ደቆም ደቂሶም ድዮም ኣይደቀሱን ይቆጻጸርዎም። ኣቶ ካሕሳይ በቲ ዝተዋህበ ምኽሪ ብጣዕሚ ተሓጎሱ።

ተሓጎሱ። ኣብዚ ገዛ  እንዳ ኣወዳት፣ ኣቦን ቆልዑትን ዝበዝሕ ጊዜ ባኒ ብ ፉል (ፒንዳካስ) ለኽዮም ይበልዑ። ኣቶ ካሕሳይ መግቢ ምስራሕ ኣይክእሉን እዮም፣ ከምኡ'ውን እንታይ ከምዝመርጹን ከምዝገዝኡን ይሸገሩ እዮም። እዚ መግቢ ናይ ኔዘርላንድስ  ምስቲ ናይ ኤርትራ መግብታት ኣዝዩ ዝተፈልየን ኣቶ ካሕሳይ ፈጺሞም ዘይፈልጥዎን እዩ። ሄኖክ መግቢ ምስራሕ ይኽእሎ እዩ፣ ግን ንባዕሉ ጥራይ እዩ ዝሰርሕን ከካፍል ዘይደልን። እዚ ባህሪ ናይ ሄኖክ ንኣቶ ካሕሳይ ብጣዕሚ እዩ ዘሕርቆም። እዚ ፈጺሙ ምስ ናይ ኤርትራውያን ባህልውን ዝኸይድ ኣይኮነን፣ ተወሳኺ ንሶም ኩሎም ጠምዮም ከለው፣ ሄኖክ ግን ንኸብዱ መግቢ ይመልእ። “ኣብ ኔዘርላንድ ካብ ዝመጹ ድማ እኹል መግቢ ኣይበልዑን። ኣብ ኔዘርላንድ ኣብቲ ኩሉ ዝርከቦን ፈሲሱ ዝመለኦን ንሕና ግን ጠሚና ኣሎና ይብሉ።”

> ኣብ ኔዘርላንድ ካብ ዝመጹ ድማ እኹል መግቢ ኣይበልዑን። ኣብ ኔዘርላንድ ኣብቲ ኩሉ ዝርከቦን ፈሲሱ ዝመለኦን ንሕና ግን ጠሚና ኣሎና ይብሉ።

ኣቶ ካሕሳይ ግድን ኣስፔዛ ክገብሩ ስለዝነበሮም ገንዘብ ከውጽኡ ናብ ባንክ ማሽን ይኸዱ፣ እቲ ባንክ ካርዶም ይሰርሕ ስለዘይነበረ ግን ገንዘብ ከውጽኡ ኣይከኣሉን። ስለ'ዚ ኸኣ ሓገዝ ክረኽቡ ናብ ቤት/ጽ ባንኪ ይኸዱ፣ ኣብኡ ኸኣ ባንኮም ከምዝተዓጽወ ይንገሮም። ተወሳኺ እቲ ፋይናንሳዊ ምሕደራ ዝገብረሎም ኣካል ነቲ ሰሙናዊ መቁነን ካብ 120 ናብ 90 ከምዘውረዶ የመልከት። በዚ ምኽንያት ድማ ኣቶ ካሕሳይ ብዛዕባ ገንዘብ ግንዛቤ/ክፈልጡ ደለዩ። እቲ ዝፈተንዎ ኩሉ ድማ ክሰርሓሎም ኣይከኣለን። ዋላ ብመገዲ ክኢላ ባህላዊ መንጎኛ ክሰልጥ ኣይከኣለን። እቲ ክኢላ ተኸላኻልን ሓብሓብን ቆልዑ ብዛዕባ እቲ ፋይናንሳዊ ጸገማት ዝምልከት ነቲ ሓገዝ ፋይናንሳዊ ምሕደራ ዝገብር ዝምልከት ስለዝኾነ ካብኡ ክሰምዕዎ ምኳኖም ነጊሮምም። ጸገም ናይ ኣቶ ካሕሳይ ኮምኡ ቀጸለ፣ ኣቶ ካሕሳይ ኣብቲ ከባቢ ናብ ዝፈልጥዎም ከይዶም ንሰሙን መካየዲ ዝኸውን ናይ ገንዘብ ሓገዝ ሓተቱ። ምስጋና ይብጻሓዮ ሓደ ወለንተኛ ብቀጻሊ ሓሙስ (ካብ ፉድ ሰል ባንክ) ዝረኽቦ መግቢ ኔርዎ። እቲ ካብኡ ዝረኸቦ መግቢ ኣጋጣሚ ኣይተበልዐን ኔሩ፣ ንስድራ ኣቶ ካሕሳይ ድማ ሃቦም።

ኣቶ ካሕሳይ ካልእ ዘይተዋሕጠሎም ነገር እንተኔሩ፣ ሄኖክ ወዶም ዘይሰርሕ ክንሱ ግን ከኣ ገዛን ገንዘብ ኣለዎ። ኣብ ስድራ ግን ዋላ ሓደ ኣበርክቶ የብሉን። እቶም ክልተ መናእሳቱ ግን እንዳተማህሩ ይሰርሑ እዮም፣ ንስድራ (ንኣቦኦም) ከኣ ብገንዘብ ይሕግዙን ከምኡ'ውን ኣብ ኣተኣላልያ ኣናእሽቶ ኣሕዋቶም'ውን ይዋስኡ እዮም። እቲ ቀጺሉ ዘሎ ንእሽቶ ወዶም ትምህርቱ እንዳተማህረ ከም ስራሕ ከኣ ጋዜጣ ምብጽጻሕ ጀሚሩ ኣሎ። እቲ ገንዘብ ኣብ ምንታይ የውዕሎ ግን ንጹር ኣይኮነን። ብዕድመ ዝደፍኡ ወለንተኛታት ኣብቲ ገዛ መጽዮም ነቲ እታ ስድራ ብመገዲ ምምሕዳር ዝረኸበቶ መቀመጢ ክዳውንቲ (ኣርማድዮ) እንዳመዓራረዩ፣ እቶም ቆልዑ ግን ነዐያም ክንሱ ኣይሓገዝዎምን፣ ነቶም ብዕድመ ዝደፍኡ ወለንተኛታት ሱቅ ኢሎም ይርእይዎም። ዋላ ኣቶ ካሕሳይ ሓገዝ ሓቲቶሞም ኣይሕግዙን። ኣብ ኤርትራ ኣቦ ንደቁ ገለ እንተሓቲትዎም ቀልጢፎም እዮም ካብቲ ዘለዎ ተሲኦም ንስድርኦም ዝሰምዑ፣ ከም ግዴታዊ ትእዛዝ'ውን እዩ ዝውሰድ። ኣብዚ ኣብ ኔዘርላንድ ግን ኮምኡ ኣይኮነን።

“ኣቶ ካሕሳይ ደቆም ከም ሓደ ኣብነታዊ ከምዘይቅበልዎም ቀስ ብቀስ ተዓዘቡ።”
ብዙሓት ኣባላት ወሃብቲ ሓገዛት ዝሰማምዑሉ ኣሎ ኣቶ ካሕሳይ ዘይቅበልዎ። ንኣብነት ካብ ገዛ ዕዮ ኣብ ኩዕሶ ብዙሕ ሰዓታት ምጥፋእ። ካልእ ምትእትታው ናይቶም ተኸላኸልትን ሓብሓብትን ቆልዑ ኣብ ሞንጎ ኣቶ ካሕሳን ቆልዑን ዘይምርድዳእ ፈጢሩ እዩ። ኣቶ ካሕሳይን እቶም ተኸላኸልትን ሓብሓብትን ቆልዑ ኩሉ ግዜ ኣይሰማምዑን እዮም። ኣብ ኣተዓብባያ ብዙሕ ናይ ባህሊ ፍልልይ ኣሎ፣ ንኣብነት ከም መርኣያ ውጽኢት ናይ ጽቡቕ ስራሕ ዝወሃብ ብልጫ (ስልማት)፣ መቕጻዕትን ዶብ ምሕላውን ዝብሉ። እቲ ንእሽተይ ብሽክለታ ደልዩ ኔሩ እታ ብሽክለትኡ ተበላሽያ ስለዝነበረት።   እታ ተኸላኻሊትን ሓብሓቢትን ቆልዑ ነቲ ሕቶ ቅቡል ኮይኑ'ያ ረኺባቶ፣ ኣቶ ካሕሳይ ግን ክቕይርሉ ኣይደለዩን። ደቆም ምስ ነገራት ድዩ መሳለጥያታት ተጠንቂቖም ክሽዱን ክመሃሩን እዮም ደልዮም። እታ ተኸላኻሊትን ሓብሓቢትን ቆልዑ ግን ቅቡል እያ ረኺባቶ። ንኻለኣይ ኢድ ብሽክለታ ዝኸውን ባጀት ከኣ ኔሩ። ነዚ ግን ኣቶ ካሕሳይ ኣነኣኢሶም እዮም ርኤሞ፣ እቲ ናይ ምቁጽጻር ሓይሎም ደኺመ።

እቲ ናይ ኣቶ ካሕሳይ ኣተዓባብያ ቅዲ ጎሊሑ ዝረአ እዩ፣ መሰል ሓሳብካ ወይ ምርጫኻ ዝህብ ኣይኮነን። እቶም ቆልዑ ካብታ ተኸላኻሊትን ሓብሓቢትን ግን ሓሳብካን ምርጫኻን ናይ ምዝራብ ዕድል ይወሃቡ እዮም። ብምኽንያት እዚ ዝረኸብዎ ናጽነት ድማ ምስታ ተኸላኻሊትን ሓብሓቢትን ክዛረቡ ይመርጹ።

ኣቦ ንደቁ ዘየፍቀደሎም  እንከሎ፣ ሕጂ ግን ቆልዑ ካልእ መገዲ ከምዘሎ ርእዮም ኣለው። እቶም ኣቦ ድማ ነታ ተኸላኻሊትን ሓብሓቢትን `` ደቀይ ከዕቢ ኣብ ክንዲ ንዓይ ትሕግዝኒ፣ ኣንጻረይ ደው ኢልኪ ንደቀይ ኣንጻረይ ክኾኑ ሓጊዝክዮም ፣ ደቀይ ኣንጻረይ ከምዝኾኑ ኸኣ ገበርኪ`` ኢሎም ተዛረብዋ። ኣቦ ከንሳሕቡ ጀመሩ።

> ኣብ ኤርትራ ኣቦ ንደቁ ገለ እንተሓቲትዎም ቀልጢፎም እዮም ካብቲ ዘለዎ ተሲኦም ንስድርኦም ዝሰምዑ፣ ከም ግዴታዊ ትእዛዝ'ውን እዩ ዝውሰድ። ኣብዚ ኣብ ኔዘርላንድ ግን ኮምኡ ኣይኮነን። “ኣቶ ካሕሳይ ደቆም ከም ሓደ ኣብነታዊ ከምዘይቅበልዎም ቀስ ብቀስ ተዓዘቡ።

እተን ተኸላኸሊትን ሓብሓብትን ቆልዑ እቲ ዘሎ ፍልልይን ርድኢትን ተገንዚበን ኣለዋ፣ ግን ከኣ እቲ ናተን መገዲ ዝሓሸ ከምዝኾነ ሓሰባ። ንሳተን ድማ እቶም ኣቦ ለውጢ ከምጽኡን ከም ማሕበራውያን ሰራሕተኛታት ድማ ነዚ ለውጢ ይደልያን ይጽበያን።

ኣቶ ካሕሳይ ዛጊት ጽቡቕ ርድኢት ክህልዎም ኣይከኣለን። እቲ ዝነኣሰ ወዶም ኣብ ሞንጎ ቋንቋታት ትግርኛን ዳችን ተቐርቂሩ ሞንጎ ሞንጎ'ዩ ኮይኑ። ንሱ ካብ ትግርኛ ዝያዳ ዳች እዩ ዝዛረብ፣ ምስ ኣብኡ ድማ ፍጹም ክረዳድኡ ኣይከኣሉን፣ ኣቶ ካሕሳይ በዚ ኣዝዮም ይጉህዩ። ኣቶ ካሕሳይ ኣብዚ ኔዘርላንድ ዕድል ኣይገበሩን፣ ግን ንደቆም ዝያዳ ይፈትዉን የድልውን። ኣቶ ካሕሳይ ምቁራጽ ስምምዕ ብዛዕባ ስልጣን ናይ ወላድን ምሕደራ ባጀትን እንታይ ማለት ምኳኑ ከምዘይተገንዘብዎ ኣረዲኦም። ኣነ ዘይተሰማማዕኩሉ ውሳኔ ሰባት ክውስኑ ከምዝኽእሉን ኣነ ዝገብሮ'ውን ከምዝቆጻጸርዎ ኣይፈልጥን ኔረ። እቶም ክልተ ኣናእሽቶ ቆልዑ ኣብ ትሕቲ መዕበይት ሞግዚት  ኣለው። ሄኖክ ወዶም ርእሱ ክኢሉ ክነብር ካብዝጀምር ኣብቲ ገዛ ሰላም ሰፊኑ ኣሎ።

**ኣቶ ካሕሳይ እንታይ እዩ ዘድልዮም ኔሩ?**
**ገለ ክፋል ካብዚ ዛንታ ዶ ኣለሊኻዮ/ፈሊጥካዮ ኣለኻ?**
**ብዛዕባ ባህላዊ ፍልልይ፣ ብዛዕባ ሓገዝ ምርካብ ኣብ ኔዘርላንድ ከማኡ'ውን ኣብ ውሳኔ ምውሳድ ዘለካ ቅኑዕ መርገጺ ሓበሬታ ኣንተደሊኻ ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ዝስዕብ ጥብቆ ተወከስ**
**www.procademy.nl/ouders**

እዚ ብዓውዲ ፕሮጀክት ሳመን ስተርክ (ብሓብር ምሕያል) ዝተሰምየ ፕሮጀክት ዝተዳለወ ኮይኑ፣ ሓባራዊ ስራሕ ናይ ፕሮጀክት ኒዶስን ኣርክ ሴንትረም 45 እዩ።
ብኤሮጳዊ ሕብረት ዝተመወለ